# ዓቢ ብስራት

**ኣብ ዕለት 03 ሰነ 2006 (03/06/2006) ኣብ ከተማ ካልጋሪ - ካናዳ ኝኻልኣይ ግዜ ዝተኻየደ ኣኼባ**

# ኤርትራዊት በርገሳዊት ማሕበር ኣብ ካልጋሪ

# ERITREAN CIVIC SOCIETY OF CALGARY

**መስሪትና።**

**ኣባልነትና ብዝረጋገጽና ተጋባእቲ ዕላማን ቅርጻን ማሕበር ብደቂቕ ድሕሪ ምምይያጥን ምምማይን ኣጽዲቕናን ካብ መንጎና እውን ሓላፍነት ዝስከሙ መዚዝና። ዝተመዘት ኣካል ካብታ ዝተመዘትላ መዓልትን ሰዓትን ማሕበራዊ ዕ ማማታ ከተሰላስል ተበጊሳ ትርከብ።**

**ብመሰረት ዕላማ ማሕበርና ምስ ዝኾነ ማሕበር - ውድብ - ሰልፊ - ምንቅስቓስ - ውልቀ-ሰብ ንድሕነትን ሰላምን ሰብኣዊ መሰልን ህዝብና ዝጣበቕ ዘበለ ዝለዓለ ምትሕብባር ንክንገብር ድልዋት ምዃና ነረጋግጽ።**

**ብፍላይውን ምስ ኣብ ካናዳ ተመስሪተን ዝርከባ በርገሳውያን ማሕበራትን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ተጠበቕቲ ማሕበራት ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ክንስጉም ድልዋት ምዃና ጥራሕ ዘይኮነስ ነተን ማሕበራት ዘየቖማ ከተማታት ካናዳ፣ ማሕበር ንምምስራት ብዘለና ዓቕሚ ክንተሓባበር ምዃና ደጊምና ነረጋግጽ።**

**ኣማሓዳሪት ኣካል**

**ኤርትራዊት በርገሳዊት ማሕበር ኣብ ካልጋሪ**

**ERITREAN CIVIC SOCIETY OF CALGARY**